# ካብ ኢንፍሉዌንዛ ተ'ኸላ'ኸል!

## ምኽታብ

**ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ብሰንኪ ህሉው ኩነታት ለብዒ፡ ዓመታዊ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ ምውሳድ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።ኢንፍሉዌንዛ ነቶም ዕሜኦም 65 ወይ ልዕሊኡ ዝኾኑ፡ ሓዳሪ ሕማም ዘለዎም ወይ ነፍሰ-ጸር ዝኾና፡ ከቢድ ሕማም ክፈጥር ይኽእል። ኣብ ሓንቲአን ካብ'ዘን ጉጅለታት እንተለኻ፡ ብነጻ ክታበት ክወሃበካ ይኽእል።**

### መዓስን ብኸመይን?

ካብ 9 ሕዳር 2021 ጀሚሩ እቶም ኣብ ስግኣት ዝርከቡ ጉጅለታት፡ጸረ ወቕታዊ ኢንፍሉዌንዛ ክታበት ክትወስዱ ትኽእሉ።ኣብ 1177.se ዘሎ ኤ-ኣገልግሎት ኣቲኹም ግዜ ክትሕዙ ትኽእሉ።

ባንክ-ኣይዲ ምስ ዝህልወኩም ድማ ናብ 016-10 40 44 ብምድዋል ቁጸራ ክተሓዝ ይከኣል።

### ጸረ ኢንፍሉዌንዛ ክኽተቡ ዝግበኦም መን እዮም?

ዕሜኹም 65 ወይ ልዕሊኡ ምስ ዝኸውንን ገለ ካብ'ዞም ዝስዕቡ ሕማማት ምስ ዝህልወኩም፡ብነጻ ክታበት ክትወስዱ ትኽእሉ፤

ሓዳሪ ሕማም ልቢ

- ሓዳሪ ሕማም ሳንቡኣ
- ርጉእ ዘይኮነ ሽኾርያ
- ዝተዳኸመ ምክልኻል ዓቕሚ ኣካል
- ኣመና ልዑል ሚዛን ኣካል
- ሓዳሪ ሕማም ጸላም-ከብዲ ወይ ኩሊት
- ዓቕሚ ምስትንፋስ ዝጸልዉ መትነ-ጭዋዳዊ ሕማማት

ነፍሰ-ጸራት ኣብ'ዚ ላዕሊ ተጠቒሶም ካብ ዘለዉ ገለ ሕማም ምስ ዝህልወን፡ኣብ ብምሉኡ እዋን እቲ ጥንሲ ክታበት ክወስዳ ይምከራ።ምሉዕ ጥዕና ምስ ዝህልወን ድሕሪ መበል 16 ሳምንቲ ጥንሲ ክኽተባ ዝሓሸ'ዩ።

ሕጂ እሞ'ኸኣ እዋን ኮቪድ-19፡ ብኽልቲኡ ሕማማት ንኽይጥቅዓ ቀንዲ መከላኸሊ ንኽህልወን፡ናይ ኢንፍሉዌንዛ ክታበት ክወስዳ ኣዝዩ ኣገዳሲ ይኸውን።

### ኢንፍሉዌንዛ እንታይ እዩ?

ኢንፍሉዌንዛ ኣብ ሽወደን ኣብ ቀውዕን ሓጋይን(ሀስትን ዊንተርን) ዝውቱር ዝኾነ ሕማም ቫይረስ እዩ።ዓይነት ናይ'ቲ ቫይረስ ዓመት መጸ ስለ ዝቀያየር፡ምስኡ ድማ እቲ ክታበት ይቀያየር።ስለ'ዚ እዩ ድማ ዓመት ዓመት ኣብ እዋን ቀውዒ(ሀስት) ጸረ እቲ ዝህሉ ዓይነት ቫይረስ ኢንፍሉዌንዛ ሓያል መከላኸሊ መታን ክፍጠር፡ክታበት ምውሳድ ኣገዳሲ ዝኾነ።

### ጸረ ኢንፍሉዌንዛ ስለምንታይ ምኽታብ ኣድለየ?

ንመብዛሓኦም ሰባት ኢንፍሉዌንዛ ብዙሕ ግዜ ኣብ ውሽጢ ሰሙን ዝጠፍእ ልዑል ረስኒ፡ምስዓል፡ሕማም ርእስን ቃንዛ መላግቦ-ዓጽምን ይፈጥረሎም።ኣብ ስግኣት ካብ ዝርከቡ ጉጅለታት ምስ ዝኸውን ግን ከቢድ ሕማም ክኸትል ይኽእል።ስለ'ዚ ጸረ እዚ ሕማም ሓያል መከላኸሊ ንምርካብ ክታበት ምውሳድ ዝምከር።

### እቲ ክታበት ውሑስ ድዩ?

ክታበት ኢንፍሉዌንዛ ካብ ከቢድ ሕማም ኢንፍሉዌንዛ ዝኸላኸል ውሑስ ክታበት እዩ።ኣብ'ቲ ብመርፍእ ዝውገኣ ቦታ ዝቐይሐን ዝሓበጠን ተኣፋፊ ዝኾነን ክስመዓካ ይኽእል እዩ።እዚ ግን ብዙሕ ግዜ ኣብ ውሽጢ ክልተ መዓልትታት ዝጠፍእ እዩ።

### ዝያዳ ኣንብብ!

ኢንፍሉዌንሳን ምውሳድ ክታበትን ብዝምልከት ኣብ'ዚ ንበቡ፤ 1177.se/Sormland/influensa.

1177 VÅRDGUIDEN | Region Sörmland